# ውጽኢት ከምጽእ ዝኽእል ባይታ ምምስራት

## ሓጺር መግለጺ

ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ኣብ ሀገርና ኣለዋ ካብተን ዝባሃለ ምሩጻት ቤት ትምህርትታት እታ ሓንቲ እያ። እንተኾነ ግና ዝበለጽ ዕብየትን ምምሕያሽን ንኽነምጽእ ኣብንገብሮም ጻዕርታት ኣብዝሕጂ እዋን ንጥቀመሎም ዘለዎ ኣሰኣራርሓን ናይ ቴክኖለጂ ኣጠቓቕማና ዝኣረጉ ስለዝኾኑ ኣብቲ ስራህትናነን ዕብየትን ዕንቅፋት ይኮኑና ኣለዉ።ስለዝኾነ እውን ኣብ ጽሬት ዘለዎን ዝበለጸን ግልጋሎት ንምሃብ ኣብ ኣሰራርሓና ክነማሕይሽን ክነማዕብሎን ይግባእ።ንኹሉ ዝሰማማዕ ኣሰራርሓ ክህልወና ይግባእ፤ንኣብነት ብዛዕባ ሕድሕድ ተማሃራይ ዘለዎም ዕብየትን ክእለትን ንምፍላጥ ካብ ዝኾነ ወገን ሕቶ ምስዝቐረብ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን እቲ ዝግባእ ሓበሬታ ብቐሊሉን ብዝቐልጠፈ እዋን ከነቕርብ ንኽእለሉ ኣሰራርሓ ክህልወና ይግባእ፤ ኣብቲ ዲስትሪክት ስራሕ ክቚጸሩ ዘመልክቱ ሰባት እውን እቲ ናይ ስራህ ምድላይ ኣሰራርሓ ቐሊል ክኾውን ምግባር ፤ እቲ ዘለና ሓብቲ እውን ብግቡእ ኣብቲ ዝድለይ ቦታ ኣብ ስራሕ ከምዝውእልን ከምዝዋዓለን ክንቆጻጸረሉ ዘኽእለና ኣሰራርሓ ክህልወና ምግባር።

ዘለዉና ፕሮግራሞትና እቶትናና ወጻኢና ሙቁጽጻርን ዘኽእለና ቁልጡፍ ዝኾነ ኣሰራርሓ ክህልወና ምግባር ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ንኹሎም ተምሃሮትን ቤት ትምህርትታት ጽሬት ዘለዎ ግልጋሎት ዝህብ ናይ ኽልል ንክኽሎውን ምግባር እቲ ቐንዲ ዕላማና እዩ።

## ቐንዲ ዘድልዩ ነገራት

ኣብዚ ዓመት ዝበለጸን ፍሉይ ጠመተ ዝግበረሎም ስራሕቲ ኣለዉና እዮም

**ሰራሕተኛ ናይ ሙቑጻር ኣሰርርሓ ምምሕያሽ ክግበረሉ ይግባእ** – ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ሓደሽቲ ሰራህተኛታት ስራህ ናይ ሙቑጻር ኣብ ዘሎ ኣሰራርሓ ካብተን ኣብ ጎረቤት ክልል ዘለዋ ቤት ትምህርትታት ፍልይ ዝበለ ኣሰራርሓ እዩ ዘለዋ።ከምኡ ስለዝኾነ  እውን ብዙሓት ጽቡቕ ክእለት ዘለዎም ንፉዓት መምሃራን ናባና መጺኦም ስራሕ ካብ ዘመልክቱ ናብተን ካልኦት ክልላት ቤት ትምህርቲ ከይዶም ከመልክቱ ይመርጹ። ስራሕ ኣመልካቶት ናባና መጺኦም ስራሕ ንኽመልክቱ እቲ ዝጸነሐ ኣሰራርሓና ምምሕያሽ ክግበረሉ ገይርና ኣለና(ምስ መምሃራን፤ ርእሰመምህራን ካልኦት ሰራሕተኛታት ብዝረኽብናዩ ሓሳባትንት ሪኢይቶታትን መሰረት)ሰራሕተኛ ናይ ሙቑጻር እቲ ሓዱሽ ኣሰራርሓ ኣብ ስራሕ ከምዝውዕል ገይርና ኣለና።

**ሓዱሽ ቴክኖሎጂ ክምዕብልን ክዓብይን ምግባር** – ኣብ ዝሕጂ እዋን ንጥቀመሎም ዘለና መብዛሕትኡ ናይ ኮምፒዩተሮ ስስተም ካብ 1970 ጀሚሩ ዝነበረን ጊዚኡ ዝሓለፎን ዝኣረገን ሲስተም እዩ። እዙይ ኹሉ ንምቕያር እውን ብጣዕሚ ኣጸጋሚ እዩ።ስለ ዝኾነ እውን ኣብቲ ኣሰራርሓና ዓብይ ጸገም ፈጢሩልና ይርከብ። ምሰቲ ዘሎ ዕብየትን ሓዱሽ ኣሰራርሓን ሓበሪካ ንሙጓዓዝ እቲ ዘለና ናይ ቴክኖሎጂ ሲስተም ክነማዕብልን ክነሕድሶምን ኣድላይ እዩ።

**ናይ ፕሮግራምና ውጽኢት ገምጋም** – ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ጽሬት ዘለዎም ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ዝሓዘን ዘለዎን ዓብይ ድርጅት እዩ።እንተኾነ ግና ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ እቶም ዘለዉና ፕሮግራማት ጽሬት ክንቆጻጸረሉ ዘኽእለና ኣሰራርሓ የብልናን።እቶም ዘለዉና ፕሮግራማትና ክንቆጻጸረሉን ዘለና ሓብቲ ብትኽክል ኣብ ስራህ ከምዝዋዓለ ንቆጻጸረሉ ኣሰራርሓ ክህልወና ይግባእ።ኣብ ዝመጽእ ኣመት በቲ ዝወጸ ሓዱሽ ባጀት ኣስራርሓ መሰረት ናይ ፕሮግራማትና ጽሬት ንቆጻጸረሉ ኣሰራርሓ ክህለውና እዩ። እቲ ኣሰራርሓ እውን ብፍላይ ንተምሃሮትናን ክጠቅም ዝኽእል ስራሕቲ ክንሰርሕ ከኽእለና እዩ።

## ንሕብረተሰብ ዝቐርቡ ሕቶታት

- ብዝበለጸ ክትፈልጥዎ ትደልይዎ ነገር እንተሃሊዩ?
- ግልጺ ዘይኮነልኩም ነገር እንተሃሊዩ?
- ዝጎደለ ነገር እንተሃሊዩ?

- ብዛዕባ ኣሰራርሓና ዘሎ ሓበሬታ ብኸመይ መንገዲ ክበጽሓኩም ትደልዩ?